# ነብርን ድዑልን (ጽዊጽዋይ)

## *ዋዛ ምስ ቁምነገር*

በቲ ቐደም እዋን ኣቶም ለባማት ኣቦታትና፡ ዚበዝሕ በቲ ኣዝዮም ዚፈልጥዎ ከባቢኦምን ኣብኡ ዘለዉ እንስሳታትን ተጠቒሞም ዘመሓላልፍዎ ዚነበሩ ትምህርትን ምዕዶን ብሓቂ ዓሚቝ እዩ። ምናልባሽ፡ እቲ ኽይተረስዐ ክሳዕ ሕጂ ምህላዉ እውን፡ ብመገዲ ጽውጽዋያትን ምሳሌን ገይሮም ስለ ዝነገርዎ እዩ ክንብል ንኽእል።

ብዚከኣል መጠን፡ ሓደ፡ ነቲ ባህላዊ ታሪኽ ንምዕቃብ፡ ካልኣይ፡ ሕጂ'ውን ብዙሕ ትምህርትን ምዕዶን ክትቕስመሉ ዚከኣል ከም ምዃኑ መጠን ኣብዛ ዓምዲ እዚኣ ይወጽእ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍና ንርብሓሉ ኽንህሉ ድማ ተስፋ ንገብር።

ይብሃል፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ነብርን ድዑልን ኣብ ሓደ ጸምጸም በረኻ ተራኸቡ። ድዑል እንተ ፈሪሁ፡ እንተ ኣኽቢሩ፡ ነቲ ነብሪ እናሰገደ ሰላምትኡ ብትሕትና ኣቕረበ። እቲ ነብሪ ግና፡ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ተቐጂሉ ዝነበረ፡ መልሲ ጸሎት ዚመስል፡ መግቢ ደኣ እምበር ኣእምሮኡስ ኣብቲ ትሕትና ይኹን ኣብቲ ሰላምታ ኣይነበረን። በዚ ነግ-ፈረግ እናበለ ኺዓብጦ ጥራይ ተደናደነ። ሽዑ፡ እንተ ኽምስል እንተ ተሰሚዕዎ፡ ምልስ ኢሉ ግና፡ "ብኽምዚ ዓይነት ትሕትናን ክብረትን ሰላምታ እናቕረበ ንዘምልኽካ ነግ-ፈረግ ምባልሲ ግፍዒ ኣለዎ፡" ኢሉ ሽለል ክብሎ መደበ። እንተ ወሓደስ ንጊዜኡ።

ደሓር፡ "ድዑል፡ ኣበይ ደኣ ጸኒሕካ? ናበይ ገጽካኸ ኢኻ?" ኢሉ ሓተቶ። ድዑል ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ኣነስ ሳዕሪ ክቋርፍ እየ ጸኒሐ። ሕጂ ኽኣ እዛ ምድሪ እቶ-እቶ እያ እሞ፡ ንቤት ገጸይ እኸይድ ኣለኹ" ኺብል መለሰ።

ነብሪ ድማ ነዚ ድዑል ዚበሎ ሰሚዑ፡ "በል፡ እታ ቐልቃል ወኻርያን እቲ ኾላሲ ዝብእን ቀቅድሜኻ ሓሊፎም ኣለዉ። ከሰንየካዶ ትደልይኒ ኢኻ?" በሎ። ድሕሪ እዚ ዳርጋ ዕርክነት ጀሚሮም ብሓደ መገዶም ቀጸሉ።

ኣብ መገዲ፡ እቲ ነብሪ ንድዑል ብዛዕባ ስድርኡ ሓተቶ። ድዑል ድማ ከመይ ሰላማውያንን እሙናትን ምዃኖም፡ እተን ኣንስቶም ብጸባ ንሳቶም ድማ ብጣዕሚ ዘለዎ ልምሉም ስጋ ዚምግቡ እሙናት ምዃኖም ገለጸሉ። "ጽቡቕ፡ ምሳይ ውን ሰላም ዘለዎ ዕርክነት ክህልወካ ኣተስፍወካ ቃል እውን እኣትወልካ በሎ። ሓሻኺት ድዑል ከኣ ኣሚንዎ፡ ዳርጋ ክቐስን'ውን ጀመረ።

ነብሪ ኣስዕብ ኣቢሉ፡ "በል ንስኻ ብዕድመ ቅሩብ ትዓቢ እሞ ንስኻ እንተ መራሕካ ይሓይሽ፡" በሎ። በዚ ተሰማሚዖም ተመራሪሖም ክኸዱ ኸለዉ፡ ኣብ ሓደ ደፋእ እናበለ ዝጐዓዝ ውሒዝ፡ ሓቒቕ ዚመስል ጽሩይ ማይ ዘለዎ ቦታ በጽሑ።

ሽዑ፡ እቲ ነብሪ፡ ሕስብ ኣቢሉ ነቲ ድዑል፡ "በል ኣብ መገድና ጐፍ ካብ በለናስ፡ ማይ ክንስቲ ነላግስ፡" በሎ። ድዑል ከኣ "ሕራይ" በለ። ኣስዕብ ኣቢሉ ድማ፡ "ከምኡ ብምባለይ ደኣ ድፍረት ኣይትቍጸረለይ እምበር፡ ንስኻ ኣብቲ ዓይኒ ማይ ኣነ ድማ ካባኻ ትሕት ኢለ ክሰቲ" በለ። በዚ ተሳማሚዖም፡ እቲ ነብሪ ልዕል ኢሉ፡ እቲ ድዑል ድማ ኣብቲ ትሕቲኡ ኰይኖም ማዮም ኪሰትዩ ጀመሩ።

ሽዑ ብሃንደበት፡ ወዮ ነብሪ፡ ነዲሩ ነቲ ድዑል ኪጽውዕ ጀመረ። "ኣንታ ኽፉእ ተንኰለኛ፡ ለካ ንስኻ ኣብቲ፡ ኣነ ድማ ኣብዚ ኰይነ ክንስቲ ዝገበርካስ፡ ኣነ ንስኻ ዝዘርገካዮ ማይ ምእንቲ ኽሰቲ እዩ፡" በሎ። ወዮ ድዑል ኣስደሚምዎ ጋን ኰይኑ። ብፍርሂ እናንቀጥቀጠ ኸኣ፡ "ጐይታይ፡ እንታይ ዘረብኡ ትዛረቡ? 'ዘበን ግርንቢጥ ማይ ንዓቐብ'፡ ኣነ ኣብ ታሕቲ፡ ጐይታይ ድማ ኣብ ላዕሊ ዘለዉ፡ እቲ ናቶም ደኣ'ዩ ናባይ ዚመጽእ እምበር እቲ ናተይ ደኣ

ከመይ ኣቢሉ ናብኣም ክኸይድ ነቲ ማዮም ድማ ኽዘርገሎም፡ እስኪ ባዕሎም ይፍረድዎ?” ኪብል መለሰ።

“ኣንታ ዳሕራዩ ዚገድድ ክፋእ መልሓሰኛ። ካብቲ ግብርኻስ እቲ ድፍረትካ ይብእስ። ናይ መን ደኣ ኽትወስድ? ኣቦኻ እምበር ነቦይ ብቐርኑ ወጊኡ ቐቲልዎ እዩ። ከምኡ ከም ዚብሃልከ ትኽሕዶ ዲኻ?” ክብል ሓተቶ።

“ጐይታይ፡ ኣቦይ፡ ኰሉ ዚፈልጦ ጉማ እምበር ቀርኒ ኣይነበሮን” ኢሉ መለሰ። “እምበእር ኣነ ሓሳዊ እየ?” በሎ። እቲ ድዑል “ኣይበልኩን” እናበለ ኸሎ፡ ወዮ ነብሪ ዘሊሉ በዛ ጐረርኡ ዓትዒቱ ሓዞ። በቲ በሊሕ ዓቃዓቃቢቶኡ ቕንጥስጥስ እናበሎ ኸሎ ድማ ድዑል ናይ ጣዕሳ ልቕሶ፡ “ምስ ዘይመታዓራርኽትኻ ምትዕርራኽ፡ ሳእኒ ብዘይ ስራኽ፡ እቲ ኣየሳኒ እቲ ኣየቐኒ” ኢሉ ሞተ። ምድሪ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ብሓቂ ዚፈርድ፡ ረዳእ ግፉዓት ዳኛ ተጸዊዓ ብቑዕ ምስክር ሃበት ይብሃል።

## እቲ ትምህርቲ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .

እቲ ኺጐድኣካ ዚደልን ግናይካ ድማ ዚምነን፡ ምኽንያት ኣይስእንን። ነቲ ዘይኰነ ከም ዝኾነ፣ ነቲ ሓሶት’ውን ከም ሓቂ ገይሩ ንኸቕርስ ኣየጸግሞን እዩ። መተዓራርኽትኻ ምልላይ ኣይጣዕስን። እሞ ንዝኾነ ይኹን፡ መቓርንትኻ ይኹን፡ መኻይድኻ ወይ መተዓራርኽትኻ፡ መን ከም ዝኾነ ኣጸቢቕካ ምፍላጥ ንዳሕራዩ ኣየጣዕስን።

## ሓበሬታ

ኣብቲ ናይ መበል 26 ዓመታዊ ጉባኤ ብሰላም ምጹ። ናይ ሎም ዘበን መአከቢ ቦታ ኣብ ኦርሊንስ ኢንድያና፡ ቅድሚ ሸውዓተ ዓመት እንእከበሉ ዝነበርና ቦታ እዩ። እቲ ቦታ እተገብረሉ ለውጥታት የልቦን። ስለዚ ከም ቀደምና ነቲ ጽበት ናትና ኢልና ንሓዞ እሞ ከምታ ጽብቕቲ ጠባይና፡ ተሓቛቚፍና ብፍቕሪ ከነተኣኻኽሎ ኢና። ኣብ ዘለዘለናዮ ኼንና ስለ ኹሎም ተሳተፍትን፡ ኣገልግሎታትን ኣብ ጸሎትና ኣይንረስዕ።




**Be a SPONSOR for “Besserat”**
**to reach those yet to be reached.**

| | |
|---|---|
| - 5 magazines | $ 65.00 a year. |
| - 10 magazines is | $ 120.00 a year. |
| - 15 magazines is | $ 175.00 a year. |

You may also subscribe as a gift for the ones you care. Be a part of the ministry . . . You will be glad you did.

**REMINDER**:
Have you sent in your annual subscription? If you did not it is not too late to do so (don't mail cash, make cheques payable to BES. Mailing address is 142 King Avenue, Columbus. OH 43201)